# ዜና ጥቅምቲ 17፡ 2007

## ሓለፊ ውሽጣዊ ጸጥታ ኮለኔል ስምኦን ገብረድንግል ብዕለት 13 ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ናይ ቅትለት ፈተነ ተኻይድሉ

እቲ ሓደ ካብቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ድሕነት ኮምሽነር ፖሊስ ኤርትራ ዝኾነ ኮኔሬል ስምኦን ገብረድንግል ብዕለት 13 ናይዚ ወርሒ'ዚ ዓርቢ ምሸት ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኡ ብዝተገብረሉ ናይ ቅትለት ፈተነ ብ4 ጠያይቲ ብኸቢድ ተወጊኡ ኸምዘሎ ባውዛ ካብ ኣስመራ ይሕብር። ብዛዕባ መበገሲ ፈተነ ቅትለት ኮለኔል ስምኦን ገብረድንግል ዛጊት ዝተነጸረ ጉዳይ የለን።

ብመሰረት ዓዋተ፡ እቲ ፈተነ ቕትለት ዝገበረ ሰብ ክተሓዝ ኣይተኻእለን። ብድሕር'ዚ ፍጻመ፡ ኣስመራ ብወተሃደራት ከምዝዕለቐለቐትን መንገድታት ኸምዝተዓጽዉን ይሕብር።

እዞም ኣብ ልዕሊ ሓለፍቲ መንግስቲ ዝቕልቀሉ ዘለዉ ናይ ቅትለት ፈተነታት ንመጀመርያ ዝረኣዩ ዘለዉ ፍጻመታት'ዮም።

## ኤርትራ ብናይ ፕረስ ነጻነት ዝኸፍኣት ሃገር ተባሂላ ተመዲባ

እቲ ኣብ ፓሪስ ዝመደበሩ ንመሰል ፕረስ ዝጣበቕ ብሪፖርተርስ ዊዝ ኣውት ቦርደርስ ዝፍለጥ ማሕበር ኣብ ናይ'ዚ ዓመት ጸብጻቡ ኤርትራ ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዋ ሃገራት ብናጽነት ፕረስ እታ ዝኸፍኣት ሃገር ኢሉ መዲቡዋ'ሎ ኽብል መርበብ ሓበሬታ ቢቢሲ ሓቢሩ።

እቲ ዜና፡ እቲ ውድብ ኣብ'ቲ ንነጻነት ፕረስ ዝግምግም 6ይ ዓመታዊ ዓለምለኻዊ ጸብጻቡ ንኤርትራ መበል 169 ኢሉ መዲቡዋ'ሎ። እታ ኣብ ዓለምና ብምግሃስ ፕረስ እትፍለጥ ኮሚኒስታዊት ሰሜን ኮርያ መበል 168፡ ቱርኪመኒስታን 167፡ኢራን መበል 166፡ኩባ መበል 165፡ማይናማር መበል 164 ቻይና ድማ መበል 163 መዲብወን ኣሎ።

እቲ ዓመታዊ ገምጋም 169 ሃገራት ኣብ ግምት ዘእተወ ኾይኑ፡ ኣብ ጉዳያት ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነትን ሰብኣዊ መሰላትን ኣተኲሩ ምስ ዝተፈላለዩ ልዕሊ 100 ዝኾኑ ጋዜጠኛታት፡ ናይ ፕረስ ተመራመርትን ደያኑን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ድሕሪ ዝገበሮ ደቂቕ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ገምጋም ምኻኑ እቲ መርበብ ይሕብር።

እዚ ነዛ ሃገር ኣብ ዝተሓተ ቦታ ናይ ነጻ ፕረስ ምምዳብ ዘገርም ኣይኮነን ክብል እቲ ማሕበር ይገልጽ ይብል  እቲ መርበብ።

እቲ ማሕበር ናይታ ሃገር ናይ ፕረስ ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኩሉ ብብሕቲ ዝውነን ፕረስ ናይታ ሃገር ብውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኽምዝተዓጽወን፡ናይ ብሕቲ ጋዜጠኛታት ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ቤት-ማእሰርትታት እታ ሃገር ከምዝተዳጎኑን ድሕሪ ምብራህ፡4 ኻብቶም ጋዜጠኛታት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኽምዝሞቱን፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ናይ ሞት ሓደጋ ኽጋጥሞም ኽምዝኽእል ፍርሒ ኣሎ”ኽብል እቲ ውድብ ስክፍትኡ ይገልጽ።

## <u>ዮሱፍ ዝተባህለ ናይ መንግስቲ ጋዜጠኛ ናብ ሱዳን ኣትዩ።</u>

ምስ ብመንግስቲ ትውነን መጋዘን ኣል-ማናና ወይ ሕድሪ ክሰርሕ ዝጸንሐ ዮሱፍ ዝተባህለ ጋዜጠኛ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ካርቱም፡ሱዳን ኣትዩ’ሎ ክብል መርበብ ሓበሬታ ኣሰና፡ንኤርትሪያን ሰንተር ፎር ሜድያ ሰርቪስስ ብምጥቃስ ይሕብር።

ንሱ፡ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ፕረስ ከምዘሕዘኖን፡ሃለዋት ናይቶም ዝተኣስሩ ጋዜጠኛታት ክሳብ ሕጂ ፍሉጥ ከምዘይኮነን ሓቢሩ።

እቲ ጋዜጠኛ ብተወሳኺ እታ ሃገር ኣብ ሕማቕ ናይ ኤኮኖሚ ቅልቅላው ኽምትርከብን መነባብሮ ህዝባ ድማ ኣብ ዝኸፍአ ኹነታት ኽምዘሎን ገሊጹ።